ንነጋዶ ህንፃ መሳርሒ/ስሚንቶ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጥቅምቲ 12, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥቅምቲ 13, 2016 10:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:--
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:--
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰሉስ -18, 1745 06:00 ደ/ሰዓት
መደብ: ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቑሑት/

ናይ ህንፃ መሳርሒ/ስሚንቶ/ችርቻሮ ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ንዘለኩም ነጋዶ ብዕለት 21/01/2016 ዓ/ም ብዝወፀ ምልክታ መሰረት ከም ዝተመዝገብኩም ዝፍለጥ እዩ ይኹን እምበር ሐዚ ዝተወሰነ ቦታ ተረኺቡ ስለ ዘሎ ኣብ ጳጉሜን 2015 ብዝወፀ ምልክታ መሰረት ኣብ ከይዲ ስራሕ ምልማዕ ንግዲ ቀዳማይ ወያነን ኣዲስ ኣለምን ዝተመዝገብኩም ኣብዚ ዳሕረዋይ ዘይተመዝገብኩም/መረዳእታ ዘየማላእኹም/ነጋዶ ብኮሚቴ ምልመላ ነጋዶ ስሚንቶ ምልመላ ስለ ዝካየድ ብመሰረት መምርሒ ምልመላን ምሕደራ ዕዳጋ ስሚንቶን ዝተቐመጠ ሮቛሒታት ከም ዝስዕብ ተቐሚጡ ስለ ዘሎ እቲ ሮቓሒታት እተማልኡ ነጋዶ እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰሉስ ዕለት 13/02/2016 ዓ/ም ሰዓት 10፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ስራሕ ሰዓት እንዳመፃእኹም ኣብ ምልማዕ ንግዲ ቁፀሪ 03 መረዳእታኹም ክተተሓሕዙ እንዳሓበርና ካብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን ድሒሩ ዝመፀ ዝኾነ ይኹን ቅሬታ ተቐባልነት ከም ዘይብሉ ነፍልጥ፡፡

መመልመሊ ሮቛሒታት

1. ብእዋኑ ዝተሓደሰ ናይ ህንፃ መሳርሒ ወይ ስሚንቶ/ እንተሃልዩዎም/ ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ዘለዎ/ዋ ኮይኑ/ና ቅድሚ ሐዚ ስሚንቶ ዝሸርሸር/ትሸርሸር/ ዝነበረ/ት ይኸውን/ትኸውን ናይ 2016 ዘሐደሰ

2. ኣብ ዘይሕጋዊ ተግባራት ንግዲ ዘይተሳተፈ/ት ምኻኑን/ናን መሸጥን መራገፍን መኽዝን ዘለዎ/ዋ ምኻኑ/ና መረጋገፂ ካብ ንግዲ ቁፀፅር ዘምፅእ

3. ንዝተመደበሉ መጠን ስሚንቶ መግዝኢ ካፒታል ዘለዎ/ዋ ምኻኑ/ና ናይ ባንኪ ድጋፍ/መረዳእታ/ ዘምፅእ

4. ኣብ ግብሪ ምስዋር ዘይተሳተፈ/ት ምኻኑ/ና ካብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት መረጋገፂ ዘምፅእ/እተምፅእ

5. ኣብ እዋን መኸተ ንጡፍ ተሳትፎ ዝነበሮ/ራ ምኻኑ/ና መረዳእታ ዘቕርብ

6. ክሳብ 2015 በጀት ዓመት ሰነ 30 ናይ ስሚንቶ ወይ ናይ ህንፃ መሳርሒ ፍቓድ ንግዲ ዝነበሮ/ራ

7. ጉድኣት ኣካል ዝኾንኩም መረዳእታ እተቕርቡ

8. መምርሒ ምሕደራን ተበፃሕነትን ስሚንቶ ቁፅሪ 2/2015 ተግባራዊ ዝገብር፣

9. ኣብዚ ዓውደ ስራሕ ትሰርሑ ዝበርኩም ብምኽንያት ኲናት ከቢድ ናይ ኲናት ዕንወት ዝበፀሐኩም ምኻኑ ዝገልፅፅ መረዳእታ ዘለኩም
10 ንስድራ - ስውኣትን ተመለስቲ ሰራዊትን ዝኾንኩም ቅድሚያ ስለ ዝወሃብ ስድራ ስውኣት/ተመለስቲ ሰራዊት/ ምኻንኩም ዝገልፅ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

መረዳእታ ተቐርቡ

ምስ ሰላምታ ኮሚቴ ምልመላን

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle